


# Orientation to Ontario




1-855-626-0002
https://orientationontario.ca




## ንኣከባቢ ምክንኻን

ኣይተጋዕዚ! - ኩሎም ነበርቲ ኦንታርዮ መሬትን ማይን ኦንታርዮ ብጽሬት ንምሕላው ብሓባር ክሰርሑ ኣለዎም። ምግዕዛይ ማለት፡ ኣብ ከተማ ወይ ካብ ከተማ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ገጠር ኣብ ባይታ ዝኾነ ዓይነት ጉሓፍ ክትገድፍ/ክትጉሕፍ ከለኻ እዩ። ጉሓፍ ናብ ቀላያትን ኣፍላጋትን ምድርባይ እዉን ምግዕዛይ እዩ።

### ምሕደራ ጉሓፍ

#### ጉሓፍ ናይ ገዛ

ዝተፈላለያ ምምሕዳራት ከተማ ንናይ ገዛ ጉሓፍ ብዝተፈልየ መገዲታት እየን ዘማሓድርኦ ወይ ዝውግንኦ። ገለ ገለ ናይ ዞባ መንግስታት ጉሓፍ ንምእካብ ክፍሊት የኽፍሉ፣ ከምኡ ድማ ንመአከቢ ጉሓፍ፡ ንዳግመ-መመስርሒ ጉሓፍን ንዝምሽምሹ ድርባይምርባይን ዝኸውን ፍሉይ ቢዶኒታት ይቕርቡ። ጉሓፍ ዝድርበ ነገር ኰይኑ፡ ዳግማይ ክምስራሕ ወይ መሽሚሹ ናብ ድኹዒ ክቕየር ዘይክእል እዩ።

ዝብዝሑ ማሕበረሰባት ወረቐት፡ ጥርሙዝ፡ ፕላስቲክ፡ ኣለሚንየምን ካልኦት ነገራትን ዳግማይ ተመስሪሖም ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕሉ ዘኽእል መደባት Blue Box (ሰመያዊ እንዳጉሓፍ) ኣለዎም። ዳግማይ ዝተመስርሑ ነገራት፡ ሓደስቲ ምህርቲታት ንምፍራይ የገልግሉ።

መደባት ሓምላይ ቢዶኒ (Green Bin)፡ ክምሽምሹ ዝኽእሉ ከም ፍሩታ፡ ቅንጥብጣብ ኣሕምልቲ፡ ስጋን ቡንን ካብቲ ተራ ጉሓፍ ንበይኑ እናፈለየ ይእክብ።

እቲ መሽማሺ ጉሓፍ ናብ ድኹዒ ብምቕያር፡ ኣብ ፓርክታትን ናይ ሕርሻ መሬትን ትሕዝቶ ሓመድ ንምምሕያሽ የገልግል።

ሰማያዊ እንዳ-ጉሓፍ (Blue Box) ንምርካብ፡ ወይ ድማ ኣብ ከባቢ መደብ ሓምላይ ቢዶኒ (Green Bin) እንተሃልዩ ንምፍላጥ፡ ነቲ ትነብረሉ ምምሕዳር ከተማ ተወከሶ።

ንሚኒስትሪ ምምሕዳር ጉዳያት ከተማን ኣባይትን (Ministry of Municipal Affairs and Housing) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸቦ ontario.ca ወይ findlink.at/muniseroff

The Environmental Protection Act (ሕጊ ከባቢያዊ ሓለዋ)፡ ሽዱሽተ ወይ ልዕሊኡ ኣፓርታማታት ኣብ ዘለወኦ መንበሪ ህንጻ፡ ጉሓፍ ዳግማይ ምምስራሕ ግዴታ ምዃኑ እዩ ዘመልክት። እንተድኣ ኣብ ኣፓርታማ ትቕመጥ ኰይንካ፡ ንጉሓፍ ከመይ ጌርካ ዳግማይ ከምእትምስርሖ ንምፍላጥ ንኣማሓዳሪኻ ተወከሶ። ገሊኦም ማሕበረሰባት እውን ንጉሓፍ ናይ`ቶም ኣብ ኣፓርታማ ዝቕመጡ ነበርቲ ናብ ኮምፖስት ናይ ምልዋጥ መደባት ክህሉዎም ይኽእል እዩ።

### ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑ

ኤለክትሮኒካዊ ጉሓፍ (E-waste) ከም ካሜራታት፡ ኮምፕዩተራት፡ ሞኒተራት፡ ቴለፎናትን ቴለቪዥናትን ዝኣመሰሉ ናውቲታት ዘጠቓለሉ ኰይኖም፡ ዝኾነ ሰብ ኣይደልዮምን እዮም። እዞም ናውቲታት እዚኣቶም ኣብ ፍሉይ መአከቢ ተኣኪቦም ዳግማይ ተሓዲሶም ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ይግባእ። ኣብ ኦንታርዮ ኤለክትሮኒካዊ ፍርያት ኣብ እትዕድገሉ እዋን፡ environmental handling fee (EHF) ዝበሃል ክፍሊት ንኣገልግሎት ምክንኻን ኣከባቢ ትኸፍል ኢኻ። እዚ ገንዘብ እዚ ድማ፡ እቲ ዝዓደግካዮ ኤለክትሮኒካዊ ፍርያት ምስ ተጓሕፈ ዳግማይ ተመስሪሑ ወይ ተሓዲሱ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓሉ ዘድሊ ወጻኢታት ንምሽፋን ዝሕግዝ እዩ።

ኣብ ከባቢኻ ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑ ዳግማይ ተመስሪሖም ኣብ ጥቕሚ ዝውዕልሉ መኽዘን ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ recycleyourelectronics.ca

### ጸዓትን ዕቃበ ማይን

ኤለክትሪሲቲ ምምንጫው ኣብ ኣከባቢ ኣሉታዊ ሳዕቤናት`ዩ ዘለዎ። ጸዓት ምቑጣብ ድማ ገንዘብካ ንኽጥቀጥብ የኽእለካ።

ብዛዕባ ምቑጣብ ጸዓት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንሚኒስትሪ ጸዓት በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶ www.energy.gov.on.ca ወይ findlink.at/savinenerg

ንቤት-ጽሕፈት ጥቅውና ጽዓት ናይ ባህርያዊ ሃብቲ ካናዳ (Natural Resources Canada's Office of


Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

Energy Efficiency) እውን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶ oee.nrcan.gc.ca

ውሑስን ጽሩይን ዝስተ ማይ ክባኽን ኣይግብኦን እዩ። ብዛዕባ ምዕቃብ ማይ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ነቲ ትነብረሉ ምምሕዳር ከተማ ተወከሶ።

ንሚኒስትሪ ምምሕዳር ጉዳያት ከተማን ኣባይቲን (Ministry of Municipal Affairs and Housing) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶ ontario.ca ወይ findlink.at/muniseroff

ብዛዕባ ጉሓፍ ዳግማይ ኣብ ጥቕሚ ናይ ምውዓል መደባት ኦንታርዮ ተወሳኺ ትምህርቲ ንምቕሳም፡ ንውክልና ኦንታርዮ (Stewardship Ontario) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ stewardshipontario.ca

ኣገዳሲ መዘኻኸሪ

- ኣይተጋዕዚ/ኣይተርስሕ
- ነክዮ፡ ዳግማይ ተጠቐመሉ፡ ዳግማይ ኣብ ጥቕሚ ኣውዕሎ
- ናብ ኮምፖስት ለውጦ ወይ ድማ ሓምላይ ቢዶኒ (መጉሓፊ) ተጠቐም



ትፈልጥ ነይርካ ዶ?

ኣብ ኦንታርዮ፡ እንተድኣ ኣጋዕዚኻ/ኣርሲሕካ ክሳብ $1,000 ክትቕጻዕ ትኽእል። እንተድኣ ኣብ ቀንዲ ጽርግያ ጉሓፍ ደርቢኻ፡ ፖሊስ ንመኪናኻ ደው ከብላን ናይ መቕጻዕቲ ትኬት ክህበካን ይኽእል።



orientation to ontario
l'ontario c'est chez moi